# ሜጀር ብርሃኑ ባዩ
# ብመርገጽና ጕህዩ

## By Negusse Haile (Mensa'ai)

ንምዃኑ ፣ መን'ዩ ብርሃኑ ባዩ ? ብ1975 ዓ.ም.ፈ. ደርጊ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን መጺኡ „መተባበርያ“ ተባሂሉ ይጽውዐሉ ኣብ ዝነበረ ሓጺር ጊዜ ናይ መተባበርያ ኣፈኛ ኰይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ኢትዮጵያዊ መኰንን ኢዩ ። ንኣይ ከም ዝመስለኒ ነዚ ስልጣን እዚ ንኽምረጽ ካብ ዘኽኣልዎ ምኽንያታት ሓደ ፣ ንኤርትራውያን ሰብኣይ ጓልና ስለ ዝነበረ ኢዩ ። ደቂ ኣባ ሻውልን ኣብ መወዳእታ 1ይ ፍርቂ ናይ 70ታት ተቐማጦ ከተማ ኣዲስ ኣበባ፣ ኮምኡ'ውን ኣብ ሜዳ ተጋደልቲ ጀብሃ ዝነበርኩም ተጋደልቲ እኺ ትፈልጥዎ ትኮኑ ዝብል ግምት እሎኒ ።

ብዝተረፈ ፣ ሜጀር ብርሃኑ ባዩ ሰብኣይ ሓውቱ ንነፍስሄር ሓውና ብርሃነ ወዲ ኮኮቡ ኢዩ ነይሩ ። ብርሃነ ከኣ እዚዩ ተዋዛያይ ፣ ጨራቓይ ፣ መላገጺ ልዕሊ ኩሉ ግን ንፋዕ ሰራሕተኛን ደኺመ ዘይብል ውዑይ ተንቀሳቓሳይን ኢዩ ነይሩ ። ኣብዚ ከይጠቐስኩዋ ክሓልፍ ዘይደሊ ሓንቲ ሓበሬታ ኣላ ። ንሳ ከኣ ፣ ወዲ ኮኮቡ ዓርኪ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብሻዕብያ እተቐንጸለ ነፍስሄር ተስፋንኬል ጆርጆን ዓርኪ እቲ ኣብ ካርቱም (ሱዳን) ብሻዕቢያ እተቐንጸለ ነፍስሄር ሃይለ ጋርዛን ምንባሩ ኢዩ ። ኣብ ቀጻሊ ርኽክብና ብኣገዳሲ ሰነድ ከም ዘቕርበልኩም ፣ እዞም ክልተ ብጾት ምሳይ እውን ጽቡቕ ሌላ ኢዩ ነይርዎም ። እምበኣርከስ ንኣኣቶም መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ፣ ንስድራ ቤቶም ከኣ ጽንዓት ይሃቦም ።

ኩሉ ኤርትራዊ ደኣ ኣይፈልጦን ኢዩ እምበር ማ.ት.ኣ. (ማሕበር ትያትር ኣስመራ) ንኣዲስ ኣበባ ከይዳ ኣብ ኣደራሽ ቀ.ሃ.ስ. (ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ) ትያትር ፣ ኣነ'ውን ኣብ ዝነበርኩዎ ቀዳማይ መደብ ኣብ ዘርኣየትሉ ጊዜ ፣ ነፍስሄር ሓርበኛዊት ትበርህ ተስፋሁነይ (ቅጽል ስማ ዶሪስ ደይ)፣ ጸጕሪ ርእሳ ብጥበብ ተመሺጣ ፣ ጽቡቕ ክዳውንቲ ለቢሳ ፣ ጨናኡ ዝዕንዝዝ ሽታ ፈረንጂ ተነስኒሳ ፣ ኣብ ዓውደ ትያትር ብዝኣተወት እቲ ንመደብ ማ.ት.ኣ. ብናይ ምርኣይ ህርፋን ተደፊኡ መጺኡ ዝነበረ ኣዚዩ ብዙሕ ዝቑጽሩ ተዓዛባይ ብጽቕጥቕጥ ሰዓባ ። ትበርህ ፣

(እ)ቲ ገዛና ፣ ዓቢ ህድሞ ፣
ትኺን ቈንጪ መሊኦሞ ፣

እናበለት መም. ኣስረስ ተሰማ ንዝደረሰላ ግጥሚ ብልዑል ወኒ ክትደርፍ ብዝጀመረት ኣብ ኣደራሽ ዓውደ ትያትር ጨብጨባን ዕልልታን ፋጻን ድብልቕልቕ በለ ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ሓደ ካብ ተዓዘብቲ ንእሽቶይ ናይ ፍሊት ቦምቦላ ሒዙ ካብ መንጎ ተዓዘብቲ ተንሲኡ ኣብ ዓውደ ትያትር ብምድያብ ንትበርህ ፍሊት ነስነሰላ ። በዚ ከኣ ኩሎም ተዓዘብቲ ተቘጥዑ ፣ ስነ ጥበባውያን ነደሩ ጋዜጠኛታት እውን ነቐፉ ። እዚ ተግባር እዚ ብክፍኣት ከምዘይተገብረ ብዋና ጸሓፍን ኣላላይን ማሕበር ኣቶ ኣርኣያ በላይ ብእተነግረ ግዳ ጕዳዩ ብይቕሬታ ተደምደመ ።

ኣብ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ ። መተባበርያ ኣብ ስልጣን ብዝመጹ ፣ ንዝኾነት ጥርዓን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሰሙን ክፈትሑዋ ምኳኖም ፣ ሳንሱር ዝበሃል መርመራ ስነ ጽሑፍ ከኣ ክህሉ ከምዘይኮነ እውን ኣበሰረ ። ኣነ ንጉሰን መም. ኣልኣሚንን ኣቶ ይትባረኽን ኣባላት ከዋኽብቲ መርሓባ ከኣ ኣቐዲምና ንመርመራ ሳንሱር ሂብናዮ ናይ ዝነበርና ጽሑፋት መልሲ ንክንሓትት ኣብቲ ጊዜያዊ መደበር ወተሃደራዊ ምምሕዳር ዝነበረ ኣብ ፎርተ ባልዲሰራ ከድና ። ከማና ዝኣመሰሉ 300 ዝኾኑ ሰባት ከኣ ብደገ ኣብ ቅድሚ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ተጸፋጺፎም ጸንሑና ። ድሕሪ ገለ ደቃይቕ ሜጀር ብርሃኑ ባዩ ኣብ ሓንቲ ናይ ጦር ንእሽትለይ መኪና ሰሪሩ መጸ ። ናይ ቃል ሰላምታ ድሕሪ ምሃብ ከኣ ፣ መሰነይታኡ ወተሃደራት በብተራ ይህብዎ ንዝነበሩ ፋይላት እናገንጸለ ንነፍስወከፍ ዝጽበ ዝነበረ በዓል ጉዳይ ኣብ ፋይሉ ተጻሒፉ ንዘሎ እግባይ ዘይበሃሎ ውሳኔ ብምግላጽ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ኣፋነዎ ። ብድሕሪኡ ግልብጥ ብዝበለ ግዳ ፣ ንኣይን ንመም. ኣልኣሚንን ንኣቶ ይትባረኽን ረኣየ ። ብኣስማትና ደኣ'ምበር ብገጽና ስለ ዘይፈልጠና ከኣ „ንስኻትኩምከ እንታዎት ኢኹም“ ኢሉ ሓተተና ። ኣነ ናይ ከዋኽብቲ መርሓባ ሓላፊ ከም ምንባረይ መጠን ፣ „ንሕና ንትያትር ዘዳሎናዮ ጽሑፋት ንኮሚቴ ሳንሱር ሂብና ኔርና ። ውሳኔ ግዲ ዘተገብረሉ ኰይኑ ግዳ ኣይመጸን ኣሎ’ በልኩዎ ። ንሱ ካብ ሕጂ ንደሓር ከም ኣብ ጊዜ ሃይለ ስላሴ ናይ ሳንሱር መርመራ ይኹን ናይ እዝኒ ምክትታል ኣይክህሉን ኢዩ „ በለና ። ናብቶም መሰነይታኡ ወተሃደራት ብምጥማት ከኣ ፣ „ወተሃደራት ፣ ፋይሎም ስለምንታይ ዘይመጸ ? ኢሉ ሓተቶም ። ወተሃደራት „ጐይታይ ፣ ኣንቢብና ስለ ዘይወዳእናዮ ኢና ዘየምጻእናዮ „ በሉዎ ። ንሱ ከኣ ፣ ብዘየገድስ ሃቡዎም“ በሎም ።

ወተሃደራት ፋይልና ከምጽኡ ብዝኸዱ ፣ ንሱ ናባና ብምቕራብ ፣ „ንምኳኑ ፣ ሰነ ጥበባውያን ኤርትራ ፣ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብከመይ ክድምደም ኢዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎኩም ? ኢሉ ሓተተና ። ኣነ ከኣ ፣ “ ጐይታይ እዚ ጉዳይ እዚ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ኢዩ ። ስለዚ ናታትና ርእይቶ እንተዘይተጸበኹም ዝሓሸ ኢዩ“ በልኩዎ ። መም. ኣልሚን ግዳ ዋላ’ውን ንዕኡ ዝሃሰ ሳዕቤን ይሃልዎ ፣ ዝመስሎ ርእይቶ ናይ ምድርጓሕ ልምዲ ስለ ዝነበሮ ፣ „ንጉሰ ፣ ንስኻ ኣብ ትያትራዊ ስራሓት ንኣባላት ከዋኽብቲ መርሓባ እወ ሓላፊና ኢኻ ። ካብኡ ወጻኢ ግዳ ነፍስወከፍና ወኪል ነፍሱ ኢዩ ። ስለዚ ኣነ ርእይቶይ ክህብ ኢየ“ በለኒ ። ሜጀር ብርሃኑ ንዘረባ መም. ኣልኣሚን ብዝሰምዔ ተቐላጢፉ ፣ „ሰብኣይ ! ሃየ በል ተዛረብ“ በሎ ።
መም.ኣልኣሚን ፣ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላም ንኽፍታሕ ሕዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ኢዩ ተጻቢዩ ። ብሰንኪ ናይ ሕዝቢ ኤርትራ ናይ ልቦና ወይ ናይ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ትሕትና ጉድለት ግዳ ኣብ ግብሪ ክትርጐም ኣይተኻእለን ። ብሕጂኸ ከመይ ኢዩ

ክኸውን ? ብወገን ኣኢትዮጵያ እተቐርቡዎ ሓዲሽ ጠለብዶ ኣሎኩም ወይስ „ዘበን ውቤ ዝጸመመ ፣ ዝባን ውቤ ክብል ነበረ “ ከም ዝበሃል ብሕጂ’ውን ናይ ጸማማት መዝሙር እናደጋገምኩም ክትነብሩ ኢኹም“ ?

እትብል መሰረታዊት ሕቶ ኣቕረበሉ ። ሜጀር ብርሃኑ ከኣ ብህዱእ መንፈስ ወግዑ ብምቕጻል ፣ „ሓወይ ፣ ጠለብና ኩሉ ጊዜ ንጹር ኢዩ ። ንሱ ከኣ ፣ ንስኻትኩም ሎሚ ` ዓሰብ እንተደኣ ገዲፍኩሙልና ንሕና ከኣ ጽባሕ ንጒሆ ነታ ዝተረፈት ኤርትራ ብምልእታ ብሰላም ከም እንገድፈልኩም ምርግጋጽ ኢዩ „ እትብል መልሲ ሃቦ ። መም. ኣልኣሚን ግዳ ፣ „ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝብሎ ፣ ብወገን ኤርትራ ወሰንቲ ጉዳይ እቶም ኣብ በረኻ ዘለዉ ሰብ ብረት ኣሕዋና ኢዮም ። ንሳቶም ግን ንኤርትራ ወደብ ዓሰብስ ትትረፍ ስድሪ መሬት እኳ ኣይክንህበላን ኢና“ በሃልቲ ኢዮም ። ስለዚ ፣ እቲ ኩንነት እዚ እንተደኣ ኰይኑ ፣ እዚ ብዘይ ገለ ካሕሳ ፣ ወይ መተካእታ ብነጻ ክወሃበኹም ፣ ትጽቢት ትገብሩሉ ዘሎኹም „ናይ ክብ ወይ ግብ ምርጫኹም እንታይ ክኸውን ኢዩ ? እትብል ናይ መጨረሽታ ሕቶ ኣቕረበሉ ። ሜጀር ብርሃኑ ከኣ ፣ „ናይ መጨረሽታ ምርጫና ፣ ካብ መሬት ጅቡቲ ናብ ኤርትራ ሓንቲ ኪሎ ሜተር ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ብምሕንጻጽ ፣ ካብዚ ከኣ ካብ ምብራቕ ንምዕራብ ብቀጥታ ንወሎ ብምኻድ ኢትዮጵያ ንባሕሪ እትመላለሰሉ ወሸመጥ ከም ዝህልዋ ምርግጋጽ ኢዩ ። ኤርትራ ሎሚ ኣብ ጊዜ መተባበርያ እውን ከምዚ ንምግባር ፍቓደኛ ምስ ዘይትኸውን ግን ንኢትዮጵያ ክህልዋ ዝኽእል ምርጫ ሓደና ክሳብ ዝጠፍእ ውግእ ምቕጻል ጥራሕ ኢዩ“ እትብል ናይ መደምደምታ ወግዖም መልሲ ሃቦ ።

ክቡራንን ክቡራትን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኤርትራውያን ኣንበብቲ ፣ ንጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት ሎሚ ዘሎ ርእይቶ ኢትዮጵያኸ ዘሰማምዕ መንፈስን ዕላማንዶ ኣለዎ ?

**27 JANUARY 2020**